# Union of Tigreans in North America (UTNA)
## ማሕበር ተጋሩ ሰሜን ኣሜሪካ (ማተሰኣ)

UTNA
P.O.BOX 73736

Washington, DC 20056

UTNA67@verizon.net

Tel. (202) 265-8702

Fax. (202) 265-8703

---

## ፀብፃብ ፈስቲቫል ትግራይን መበል 36 ዓመት ጉባኤ ማ.ተ.ሰ.ኣ.ን

መበል 14 ዓመት ፈስቲቫል ትግራይ ዝተፋላለዩ ፍፃሜታት ኣካቲቱ ካብ ኦገስት 1 – 5 ኣብ ላስ ቬጋስ ነቫዳ ብገፊሕ ተሳትፎ ተጋሩ ነበርቲ ኣመሪካን ካናዳን ብድምቀትን ወነን ተዛዚሙ።

ፈስቲፋል ትግራይ 2010 ዘካተቶም ፍፃመታት እዞም ዝስዕቡ እዮም። መበል 36 ዓመት ጉባኤ ማሕበር ተጋሩ ሰሜን ኣመሪካ (ማ.ተ.ሰ.ኣ.)፣ ዓመታዊ ጉባኤ  ማሕበር ልምዓት ትግራይ ጨንፈር ሰሜን ኣመሪካ(ማ.ል.ት. ሰ.ኣ.)፣ ህልዊ ኩነታት ዓዲ ዝምልከት ህዝባዊ ኣኼባ፤ ድሙቕ ጎይላ ከምኡ ድማ ናይ ኩዕሶ እግሪ ውድድራትን ዘካተተ ድሙቕ ባዓል ኔሩ።

መበል 36 ዓመት ጉባኤ ማ.ተ.ሰ.ኣ ዝተኻየደ ካብ ዝተፈላለዩ ናይ ኣመሪካን ካናዳን ክልላት ተወኪሎም ዝመፁ ናይ ጨናፍር ማሕበራት ኣባላትን ደገፍትን ማ.ተ.ሰ.ኣ. ዝተረኽብሉ እንትኸውን እቱ ጉባኤ ዕላማ ማ.ተ.ሰ.ኣ. ምስ ድልየት ማሕበረሰብ ትግራይ ነበርቲ ሰሜን ኣሜሪካን ካናዳን ዝተተሓሓዘ ምዃኑ ብዝበለፀ ዝተመስከረሉ እዋን ዝነበረ እንትኸውን ብተወሳኺ ድማ ኣምባሳደር ተወልደ ገብሩ ኣቦወንበር ማ.ል.ት. ኢንተርናሽናል ኣፍቱ ጉባኤ ምስታፉ ነቱ ጉባኤ ፍሉይ ክብርን ድምቀትን ሂብዎ እዩ።

እቱ ካብ ኦገስት 1 – 2 ንኽልተ ማዓልትታት ዝተኻየደ መበል 36 ዓመት ጉባኤ ማ.ተ.ሰ.ኣ  ቅድሚ ምጅማሩ ምልኣተ ጉባኤ  ድሕሪ ምርግጋፁ፤ ብሽም ነባርን ዉፉይን ኣባል ማ.ተ.ሰ.ኣ. ጨንፈር ፊኒክስ ኣሪዞና ዝነበረ ብዝሓደሮ ሕመም ኣብ ቀረባ እዋን ካብ ጎንና ብሞት ዝተፈለየ ኣይተ ገብሩ ሓጎስ ንኽስየም ተወሲኑ።

ጉባኤ ማ.ተ.ሰ.ኣ. እዞም ዝስዕቡ ፀብፃባት ብቐደም ሳዓብ ሰሚዑ ተመያይጥሎም። ብመጀመርያ ዝቐረበ ብማእኸላይ ቤት ፅሕፈት ዝቐረበ ጠቕላላ ናይቲ ማሕበር ዓመታዊ ምንቅስቓስ ዝገልፅ ፀብፃብ እንትኸውን፣ ስዒቡ ዝቐረበ ድማ ናይ ማ.ተ.ሰ.ኣ. ማእኸላይ ኮሚቲ ናይ ክልተ ዓመት ፀብፃብ እዩ። እቲ ጉባኤተኛ ዝተማየጠሉ ሳልሳይ ፅሑፍ ካዓ ናይ ኦዲተራት ዓመታዊ ሪፖርት እዩ።

ኣብ መወዳእታ መበል 36 ዓመት ጉባኤ ማ.ተ.ሰ.ኣ. ዝቐረበን ንውሕ ዝበለ ናይ ምይይጥ ግዜ ዝወሰደን ሓደ ፅንዓታዊ ፅሑፍ ኔሩ። እቲ ፅንዓታዊ ፅሑፍ ህልው ኩነታት ናይ ማ.ተ.ሰ.ኣ. ገምጊሙ ግዚኡ ዝሓቶም ምምሕያሻት ጌሩ እቱ ማሕበር ንቕድሚት ብዝበለፀ ንምጥንኻር ዝዓለም እዩ።

እቱ ፅሑፍ ዕላማ ማ.ተ.ሰ.ኣ. ድልየታት ማሕበረሰብ ትግራይ ነበርቲ ሰሜን ኣመሪካ ኣብ ግምት ዘእተወ ክኸውንን ከምኡ ድማ ድልየታትን ረብሓታትን ህዝቢ ትግራይ ዘረጋግፅን ንኽኸውን፣ ኣባላትን ደገፍትን ማ.ተ.ሰ.ኣ. ከሳትፉ ዝኽእሉ መደባት ብምቕራፅ ማ.ተ.ሰ.ኣ. ተጠናኺሩ ንኽሰርሕ ዘኽእል፤ ብተወሳኺ መንእሰይ ወለዶን ደቂ ኣንስትዮን ኣብ ዙሪያ ማ.ተ.ሰ.ኣ. ንኽዓስሉን ተካእቲ ክኾኑን ኣብ ዘኽእል ኩነታት ዝተመስረተ እዩ።

እቲ ጉባኤ ቅድሚ ምዝዛሙ እቶም ምይይጣትን ናይ ፅንዓት ፅሑፍን ኣብ ግምት ብምእታው፣ መናእሰይን ደቂ ኣንስተዮን ዝርከብዎም ሸውዓተ (7) ኣባላት ናይ ስራሕ ፈፃሚት ኮሚቲ መሪፁ። ብተወሳኺ፣ እቲ ጉባኤ ጨንፈራት ማ.ተ.ሰ.ኣ. ዝሳተፉሉ ናይ "ቦርድ" ኣመራርሓ ንኽጣየሽ ውሳኔ ኣሕሊፉ።

እቱ ክልተ (2) ማዓልቲ ዝወሰደ መበል 36 ዓመት ጉባኤ ማ.ተ.ሰ.ኣ. እዞም ዝስዕቡ ውሳነታት ኣሕሊፉ።

## ዉሳኔታት መበል 36 ዓመት ጉባኤ ማ.ተ.ሰ.ኣ.

1) ማ.ተ.ሰ.ኣ. ካብ ኩሉ ግዜ ንላዕሊ ብመንእሰይ ወለዶ(ደቂ ኣንስትዮን ተባዕትዮን) ንምትካእ፣ መናእሰይ ዝስሕቡ ስራሕቲ ንምስራሕ ፍሉይ ጠመተ ክገብር፤

2) ሕሉፋት ስራሕቲ ማ.ተ.ሰ.ኣ. ኣብ ዓድን ኣብ ኣመሪካን ካናዳን ዝነብር ህዝብና ንክፈልጦም ናይ ህዝቢ ረኽቢ ስራሕቲ (Public Relation Activities) ክሰርሕ፤

3) ማ.ተ.ሰ.ኣ. ምስ ከባቢ ሰሜን ኣመሪካን ካናዳን ዝነብር ህዝብና ከምኡ 'ውን ምስ ህዝቢ ትግራይ ዘተኣሳስር ኣብ ጭቡጥ ኩነታት ዘድሃበን ህዝብና ዘርብሕን ናይ ህዝቢ ኣኼባታትን ሃገርካ ፍለጥ ሰሚናራትን በቢጨንፈሩ ብምክያድ ጥጡዕ ናይ ምርድዳእን ምድግጋፍን ባይታ ክፈጥር፤

4) ኣብ ሃገርና ኢትዮጵያ ብሓፈሻ ኣብ ትግራይና ድማ ብፍላይ ሰላም፣ ፍትሕን ዲሞክራሲን፣ ልምዓትን ንክዕምብብ ምስ ዝሰርሑ ኣሓት ማሕበራት ማለት 'ዉን ምስ ማሕበር ልምዓት ትግራይ (ማ.ል.ት.)፣ ኮሙኒቲ ትግራይ፣ ማሕበር ጉዱኣት ኲናት ትግራይ፣ ማሕበር መናእሰይ፣ ማሕበር ደቂ ኣነስትዮን ኣልሙናያትን ተረዳዲኡን ተደጋጊፉን ናይ ዓዱ ዕቡቕ ገፅታ ከጋውሕን ፀገማት ኣብ ምፍታሕ እጃሙ ከበርክትን ክሰርሕን፤

5) ማ.ተ.ሰ.ኣ. ዘለዎ ናይ ገንዘብ እቶት ፍልፍል ገምጊሙ፣ በጀቱ ኣስተኻኺሉን እቶት ዝዓብየሉ ሜላታት ብምጥቃም ኣብ ወፃእን ዓዲ ውሽጥን ዘሎ ህዝብና ዘካይዶም ስራሕቲ ዝድግፉ ፕሮጀክታት ኣውፂኡ ክሰርሕን ክድግፍን፤

6) ዌብ ሳይት (WWW.UTNA.ORG) ማ.ተ.ሰ.ኣ. ናይ ቋንቋናን ታሪኽናን መፋለጢ ማእኸልን ፍልፍል እዋናዊ ሓበሬታ ህዝብናን ዓድናን ዝኾነሉ ኩነታት ከመቻቹ፤

7) ጨናፍር ማ.ተ.ሰ.ኣ. በቢከባቢኦን ናይ ህዝቢ ትግራይ ብሄራዊ ባዓል ዝኾነት ለካቲት-11 ኣጠናኺረን ህዝበን ኣተሓባቢረን በቢዓመቱ ከብዕላን ባዓል ለካቲት-11 ይኹን ካልኦት ናይ ከባቢኦን ባዓላት

ኣካይደን ካብ ዝርኸበአ ኣታዊ 20% (ዒስራ ሚኢታዊ) ንስራሕ መካየዲ ከትርፋን ናይ ኣባላት ዓመታዊ (ወርሓዊ) ወፈያ ግን ሙሉእ ብሙሉእ ናብ ማእኸላይ ቤት ፅሕፈት ማ.ተ.ሰ.ኣ. ኣታዊ ክገብራ፤

8) እዞም ሓሊፎም ዘለዉ ዉሳኔታት ተቐቢልኩም ምስ ማ.ተ.ሰ.ኣ. ሓቢርኩም ክትሰርሑን ክትሳተፉን እትደልዩ ፈተውቲ ህዝብና፣ ንናይ ህዝቢ ትግራይ ሰላም፣ ዲሞክራሲን ልምዓትን ንምስራሕ ኣብ ጎኒ ማ.ተ.ሰ.ኣ. ተሰሊፍኩም እጃምኩም ንክተወፍዩ ፃዊዒትና ነቕርብ።

ኣባላትን ደገፍትን ማ.ተ.ሰ.ኣ. ኣብ ዝገበርዎ መበል 36 ጉባኤ፣ ብ August-3 ኣብ ዝተኻየደ ናይ ማሕበር ልምዓት ትግራይ ሰሜን ኣሜሪካ ዓመታዊ ጉባኤን ከምኡ ድማ ብ ኦገሰተ-4 ቀትሪ ብኣምባሳደር ተወለደ ገብሩ ዝተመርሐ ህዝባዊ ኣኼባ ብምስታፍ፤ ዕላማ ማ.ተ.ሰ.ኣ. ምስ ዕላማ ማ.ል.ት. ዝተዛመዱ ብምዃኖም ኣብ ስራሕቲ ማ.ል.ት. ብሙልእ ዓቕሞም ብንቕሓት ከምንሳተፉ ኣስሚሮምሉ ሓሊፎም።

ኣፍቱ ብ ኦገሰተ-4 ቀትሪ ዝተኻየደ ናይ ህዝቢ ኣኼባ፣ ኣምባሳደር ተወልደ ገብሩ ብዝዓባ ኣብ ትግራይ ከምኡ ድማ ኣብ ኢትዮጵያ ዝካየድ ዘሎ ስሉጥ ኩለመደያዊ ናይ ልምዓት ስራሕቲ ሰፊሕ ዝበለ መግለፂ ኣቕሪቡ እዩ። ቀፂሉ ድማ ንልምዓት፣ ሰናይ ምምሕዳርን ካልኦት ተመሳሰልቲ ጉዳያትን ዝምልከቱ ብርክት ዝበሉ ካብ ሓፋሽ ዝቐረቡ ሕቶታት ብ ኣምባሳደር ገብሩ ኣፅጋቢ መልስታት ተዋሂብዎም።

ብ August - 4 ለይቲ ብዉሩያት ድምፃውያን ታዓጂቡ ክካየድ ዝሓደረ ጎይላ ብዝበለፀ ንኸደምቕ ምኽንያ ዝኾኑ፣ ብመናእሰይ ዝቐረቡ ቀልቢ ሰማዕቲ ዝማርኹ ግጥምታትን ካልኦት ምድላዋትን ዝቐረቡ፣ ቁፅሩ ብጣዕሚ ብርክት ዝበለ ህዝቢ ኣብ ዝተረኸበሉ ናይ ታሕጓስን ፌስታን ግዜ ኔሩ።

ብ August – 5 ተኻፊልቲ ፈስቲቫል ትግራይ 2010፣ ናይ ኔቫዳ ሃሩር ከኢሎም፣ ኣብዝተዳለወ ናይ ኩዑሾ ፀወታን ፒክኒክን (Picnic) ብበዝሒ ተረኺቦም፤ ንተፃወቲ ኩዕሾ ከተባብዑን፣ ተቐራሪቦም ክፋለጡን፣ ምሕዝነት ክፈጥሩን ልምዲ ክለዋወጡን ዕድል ረኺቦም።

ብኣጠቓላሊ ፈስቲፋል ትግራይ እዞም ኣብ ላዕላይ ተጠቒሶም ዘለዉ ስራሕቲ ካብ ኦገስት 1 -5 ብምፍፃም ብዓወት ተዛዚሙ። ኣብዞይ ክንጠቕሶ እንደሊ፣ ኣባላት ማ.ተ.ሰ.ኣ. ላስቬጋስ፣ ኮሚኒቲ ትግራይ ላስ ቬጋስን ማሕበረሰብ ትግራይ ነባራይ ላስ ቬጋስን ብሓፈሻ ከም ሓደ ኣካል ኮይኖም ብምስራሕ ከምዞይ ዓይነት ዕውት ፈስቲፋል ንኽሓልፍ ፍሉይ ግደ ነይርዎም። ብምቕፃል፣ ባዓል ዋንኡ ኮሚኒቲ ትግራይ ዝኾነ ኣክሱም ሬስቶራንት እቲ ጉባኤ ተጀሚሩ ክሳብ ዝውዳእ ንዝገበረልና ናይ ምትእንጋድ ስራሕቲ ካብልቢ እነተይኣመስገንና ክንሓልፍ ኣይንደልን።

*ውሳኔታት መበል 36 ዓመት ጉባኤ ማ.ተ.ሰ.ኣ. ንምትግባር ክንረባረብ ኢና !!*

ኣባላት ስራሕ ፈፃሚት ኮሚቲ ማ.ተ.ሰ.ኣ.

August, 2010